ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤርትራ
Democratic movement of Eritrean Saho
الحركة الديمقراطية لساهو إرتريا
Eretriyah Saahot Dimokraasiti Xaraka

## ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2014 ዝሓልፍ ውድባዊ መልእኽቲ

## ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤርትራ (ደምሳኤ)

ንኩሎም ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራን ሰውራኦምን እንቋዕ ንሓድሽ ዓመት 2014 ብሰላም ኣብጸሓኩም፡ ዮሃና፡ ሓድሽ ዓመት 2014 ዓመተ ደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ዓመተ ሰላምን ራህዋን ክኾነልና ደምሳኤ ሰናይ ትምኒቱ ይገልጽ፡፡

ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤርትራ (ደምሳኤ) ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 2013 ምስቲ ኩሉ ዝነበሩ ባዕላውን ወድዓውን ብድሆታት፡ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ንምእላይን ኣብ ኤርትራ ሰላምን ራህዋን ንምስፋንን ምስ ኩሎም ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ኢድን ጓንትን ብምኧን ዘይነዓቕ ናይ ቃልሲ መደባት ኣሰላሲሉ፡፡ ኣብቲ ናይ መሪር ናይ ቃልሲ መድረኽ ኣብ ብሄራዊ ውድብና ልዑል እምነት ኣንቢሮም፡ ኩሉ መዳያዊ ደገፎም ከይበቖቑ ዝወፈዩልና፡ ምዑታት ኣባላት ደምሳኤን ህዝቢ ብሄረ ሳሆን ብፍላይ፡ ጭቑናት ሓፋሽ ህዝታት ኤርትራን ተቃለስቲ ደቁን ድማ ብሓፈሻ ሰለ እቲ ዘበርከትዎ ናይ ቃልሲ ደገፎም ደምሳኤ በዚ ኣጋጣሚ ልዑል ምስጋና የቕርብ፡፡

ዋዜማ 2014 ገባቲ ሰርዓት ህግደፍ ብውሽጥን ግዳምን ብዝጋጠሞ ዘሎ ሓያል ተጻብኦ፡ ውድባዊ ህላወኡ ማህሚኑ፡ መንግስታዊ መሓዉራቱን ትካላቱን ተበጣጢሱ ዝፈራረሰሉ ዘሎ እዋን ብሓደ ሸነኽ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝን ሃገርን ኣነዋሪ ትግባራትን እዚ ዘይበሃል ገበናትን እና ፈጺመ ከም ኣመሉ የዋሃት ዜጋታት ንምትላል ውሕስነት ኣልቦ ውሱን ናይ ስልት ለውጢታት ክገብር ይህቅን ኣብ ዘለወሉ እዋን በቲ ካልእ ሸነኽ ብምኧኑ፡ ብባህሪኡ ድማ ስልጣኑ ንምዕቃብ ክጥቐመሉ ዝኽእል ዘይፈንቐላ እምኒ እንተ ሃሊያ ብናይ ዘሓለፈ ጃህራኡን መግለጺታቱን ዘኽልክሎ ሰርዓት ከምዘይኮነን፡ ዝኾነ ይኹን ዜጋ በዚ ግዚያዊ ናይ ስልት ለውጢታት፡ ዘይጭበጡ ተስፋታትን ጸገናዊ ተወላዋልነትን ከታለል ከምዘይ ግባእ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ዓወት ህዝባዊ ቃልስና ንምቕልጣፍ ብጽንዓትን ተዋፋይነትን ናህሩ ክውስኽ ደምሳኤ በዚ ኣጋጣሚ ይጸውዕ፡፡

**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ደምሳኤ**

**31 ታሕሳስ 2013**

Mob. Phone: +251-921544233/+251-912881225/ +251-910207317
E-mail address: kurbeli15@yahoo.com or mirad2014@gmail.com
Official website: www.mirad.net